# ኣንፈትና ናበይ ኣቢሉ ይመስል?
# ናብ ዲክታተርነት ዶ? ደሞክራሲ?

*ብሚካኤል ኣጎስቲኖ*/ጀርመን

21 ሰነ 2008

ኣብዛ ንነብረላ ዘሎና ዓለም ገለ ንዉልቆም ዝና ከትርፉ ማእለያ ዘይብሉ ሓሶትን ህልቂትን ይፍጽሙ፣ ገለ ኻኣ ንህዝቦምን ንሃገሮምን ኢሎም እታ እንኮ ሂወቶም ከይበቀቁ ይሓልፉ፣ስለዚ እዚ ክልተ ነገራት ነንሕድሕዱ ዘይቃረብ ኩሉ ብደቅሰባት ዝፍጸም ኢዩ፣

ዘገርም'ዩ፣ ደቂ ሰባት ክንደይ ሩህሩሃትን ጨካናትን ከም ዘሎዉ ከብርሃልካ ይኽእል፣ እቲ ዝናኦም ብዘይ ህልቀት ደቂ-ሰባት ክፍጽምዎ ተዝኽእሉ'ኚ ክንደይ ጽቡቕ ምኾነ፣እሞ ነዛ ሓጻር ዕድምኦም ብኽምዚ ጊፍዕን ህልቀትን ክፍጽሙ ከለዉ መግለጺ ኢኻ ትስእነሉ፣

ኣብ ዓለምና ገበርቲ ኩፉእ ዶ ይበዝሑ ? ከበርቲ ሰናይ? ዝብል ሓታቲ ምስ ዝቐርብ ገበርቲ ሰናይ ይበዝሑ ምበልኩ፣ ምኽንያቱ ከምኡ እንተ ዘይከዉን እዛ ንነብረላ ዘሎና ዓልም ጠጠዉ ኢላ ኣይምኸደትን፣ዓለምና ብሰንኪ ዉሑዳት ሉኡኻት ሳጥኤል ድቃስ ሲኢና ኣብ ዓለም ክነብር ዝተፈጥረ ፍጡር ወድ-ሰብ ንኽነብር ሓርቢትዎ ኣብ ህልቂትን ባርነትን ስቃይን ይነብር ከምዝነበረን ዘሎን ብታሪክ ንፈልጦን ዝርኣናዮን ሓቂ እዩ፣

ኤርትራ ሃገርና ሕማኞ ኣጋጣሚ ኮይኑ በዚ ኣስካካሒ ኩነታት ትሓልፍ ኣላ፣ ኑሱ ኻኣ ብሰንኪ ሓደ ዉልቀ-ሰብ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፎርቂ ኢያ፣ እዚ ሰብ እዚ ብጀካ ናዓይ ንብጻየይ ዘይብል ምዕበይኡ ዝበደሎ ድያብሎስ ንሃገርና ረሚሱ ንህዝብና ዉልቃዊ ጥሪቱ ገይሩ፣ ካብ መቃብር ምዉታን ኣብ ዘይሓይሽ መቓብር ህልዋን ጂሆ ካብ ዝሕዞ ቡዙሕ እዋን ሓሊፉ፣ ስለዚ ህልዊ ኩነታት ሃገርና ኣብ ባይታ ዘሎ ሱር ዝሰደደ ህልም ዝበለ ሓደ ዕሉል ምልካዊ ስርዓት እዩ ፣ እዚ ኻኣ በቲ ማዓልታዊ ተግባራቱ እዩ ዝዕቀን፣ በቲ ጊዚኡ ዚሓለፈ(ሰዉራዊ) ኣታሓሳስባ ናይ ሓደ ሰልፋዉነት ታኣሲሩ ኣይንህዝቢ ከሔጉስ፣ ኣይ ምስ ዓለም ተቃዳዲሙ ክስጉም፣ ብዘረባን ተስፋን ጥራሕ ኣምባሂቑ፣ ኣብቲ ህዝባዉን ሃገራዉን ሕቶታት ሓዲጉ ነዛ ሃገር ሓዲግ መዲግ ገይርዎ ይርከብ፣ ካብ ኩሉ ዝገርመካ፣ ብዛዕባ ካሎኦት ሃገራት ክዋራዘ ኮሎ እዩ፣

ኩሉ ስርሓቱ ከአ ብደዔን ንዕቀትን ዝሳዕረሮ ፍንፉን እዩ፣ እዚ ኻአ ኣብ ኮረሻ ስልጣን ወይ ኣብ መንበር ኣስመራ ምስ ተወጠሔ ዘምጽኦ ዘይኮነስ. እንታይ ድኣ ኣብ ሩባታት ሳሕል ዘገበሎ እዩ፣ እዚ ኻአ ዘይብቕዓት ናብ ሕሱር ተርእዮታት ስለ ዝቛማጥዕ ኣብ ንድሕሪት ዝጎትት ትሕቲ ሃገራዉነት ነዛ ሃገርና ሸሚምዋ ይርከብ ፣

ድሕሪ'ዚ ፍሽለታት'ዚ ዝስዕብ ኣካይዳ ኢሳያስ ኣፎርቂ ተክቡ- ለቅቡ ስለ ዝሽዉን ኪገድድ እንበር ክድሕን ዘለዎ ተኽእሎ ጸቢብ እዩ፣

ኤርትራዊ ሃገርነትን ክሳብ ናጽነት ኣብ ናይ ጋዝ ደረጃ ከም ዝነበረ ዘይካሓድ ሓቂ እዩ፣ ሎሚ ድሕሪ 17ዓመት ክንምልከት ከለና ግን ፈሳሲ ኮይኑ ኣሎ፣እዚ ኹሉ ከአ ብሰንኪ እዚ ዲክታቶር ስርዓት ስለ ዝኾነ፣ ብሓቂ ሎሚ ኤርትራዊነትካ ዝሕፍር ጊዜ'ዉን በጺሕና ክባሃል ይካኣል፣ እዚ ህዝቢ ኤርትራ ንደቁ ይሕሊፉ ከይህብ ገጋ እናራኣየ ከምዘይራኣየ፣ ን17 ዓመት ተጸሚሙ ስለ ዝኾነ፣ ሎሚ ግን ዒቕ ኢልዎ ስለ ዘሎ መተካእታ ናይዚ ገባቲ ስርዓት የናዲ ኣሎ፣

ስለዚ መተካእታ ክንከዉን ዝብላ ዉድባትን ሰልፍታት ኣብ ወጻኢ ኣለዋ፣ ባሓቂ እዘን ዉድባትን ሰልፍታትን መተካእ ክኾና ይኽእላ ዶ? እዘን ዉድባተን ሰልፍታትን ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ቃልሲ ዝጸንሓ፣ ብእዋኑ ነዚ ስርዓት ስለ ዘለለየኦ፣ ኣብ መትከለን ጸኒዔን ነዚ ስርዓት ክምክትኦ ጸኒሔንን ኣለዋን፣ካብዚ ብምብጋስ ኣባላተን ድሕሪ መሬት ኤርትራ ነጻ ምስ ኮነ'ዉን ሃገር ዝባሃል ኣይራአዩን፣ ንዘለዉ ወለዶም ዲዮም ይሕዋቶም ቤተሰቦም ከይራአዩ፣ ንዝዓረፉ ሓመድበ ከየልበሱ፣ ኣብ ጽንዓቶም ጠጠዉ ዝበሉ እዮም፣ ገለ ከኣ ተቛወምቲ ሓይልታት ድሕሪ 2001 ዝቆማ እየን፣ ስለዚ ነዚ ስርዓ ክትክኣ ይኽእላ ድየን? ንዝብል ኣብ ሕቶ ምልክት ዝኣቱ እዩ፣

እዘን ዉድባት ኣብ ቃልሲ ዝነበራን ዘለዋን እየን፣ ንምታይ ዘይዓበያ ዝብል’ዉን ክዝረብ ዝጸንሔን ዘሎ እዩ፣ብወገነይ ክሪኦ ከለኹ፣ ግዜ ዓቢ እንባ እዩ፣ ማለት ግዜ ወሳኒ እዩ፣ ቂድሚ 2000 ዓ.ም.ንቃልሲ ግዜ ዝዕድም ኣይነበረን፣በንጻሩ ስርዓት ህግደፍ ነጻ መሬት ምስ ገበረ፣ እዚ ዝገበረ ስርዓት ንኻልእ ካዓምም ኣይሸጉሮን እዩ ብዝብል ተስፋ ህዝቢ ኤርትራ ስለ ዝገበረ፣ ህግደፍ ልቢ ህዝቢ ሪኡ መዓት ሓሶትን መብጻዓታት ገይሩ ከደናግር ግዜ ወሲዱ እዩ፣ ስለዚ ህዝቢ ኤርትራ ንተቛወምቲ ሓይልታት እዚኒ ኣይሃቦን፣ ሎሚ ግን ምስ ግዜ ኩሉ ስለ ዝበርሀ፣ ህዝቢ ኣብ ተግባር ዘይዉዕል መብጻዓ ህግደፍ ስለ ዝሰልቾዎ ዓኽ ቱፍ ኢልዎ  መተካእታ ኣብ ምንዳይ ይርከብ፣

ስለዚ ኣንፈትና ናበይ እዩ፣ ኣብ ቃራና መንገዲ ኢና ዘለና፣ ብዛዕባ ህግደፍ ኣይትጣራጠሩ ኣብቂዑ እዩ፣ ኣብዘን ዉድባትናን ሰልፍታትናን ዉሕስነት ኣሎናዶ፣ብርግጽ፣ኣብ ትመጽእ ኤርትራ ካልእ ይትረፍ ኣፍ ዝዓብስ ስርዓት ክመጽእ ዝብል እምንቶ የብለይን፣ እዚ ምስ ዝኾዉን፣

1) ኩሉ ኤርትራዊ ዚደለዮ ብሩህ መጻኢ ናይ ምጥማት ኣንፈት ካብ ዚባሃል ዝግበር ናይ ምልላይ ብቕዓት ዓቢ ዉሕስነት እዩ፣
2) ከም’ዉን እቲ ኣብ ባይታ ተመስሪተን ዘለዋ ኣብ ብዙሑነት ሰልፍታት ሓደ ዉሕስነት እዩ፣
3) ሕድሪ ኣሻሓት ሰማእታትና ክሳብ ሕጂ ዝሓለፍናዩ ብዙሕ ተሞክሮታት ዓቢ ዉሕስነት እዩ፣

ስለዚ ዕድመ ዘለዎ ሃገራዊ ቅዋም ትካላትን ዓለም ዝተማህረቶ ነገር ፣ ትካላዊ ኣሰራርሓን ሕግታት ምስ እንምራሕ ምልካዉያን  ሰባት ፍጹም ክቅልቀሉ ኣይክእሉን፣ ስለዚ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ሓደ ደሞክራሲ ስርዓት ከም ዝምስረት ኣይጣራጠርን፣ ሎሚ ግን እዘን ዘለዋ ዉድባትን ሰልፍታትን፣ ነዉነዉቲ ድየን፣ መሳጋገርቲ ድየን፣ናይ ግድን ኣብዚ ዘለናዩ መድረኽ ብሓባር ክሰርሓ ክግደዳ ፣  እንተደይኮይኑ ንሳተን’ዉን የለዋን፣ ካብዚ ብምብጋስ ኣብ ዝሓለፈ ግንቦት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ሓደ ብስራት ንህዝቢ ኤርትራ ኣበሲሩ፣ እዚ ኻእ እቲ ንነዊሕ ግዝየ ቃልሲ ዝተኻየደሉ ስለ ዝኮነ መሳናኽል ከጋጥም ጸኒሑ እዩ፣ እዚ ኻእ ባህርያዊ ናይ ቃልሲ መስርሕ እዩ፣እቲ ጽቡቕ ሓደ ሰልፊ ዘይምኻነን እዩ፣ በዚ ዝሓለፈ እየን ኻእ ሓደ ኣድማዕን ዉጺኢታዊ ክኾና ዝኽእል፣ እቲ ምፍሕፋሕ ጸጋ ደሞክራሲ እዩ፣

ስለዚ ድሕሪ ኣኽባ ኪዳን ኣብ ወርሒ ግንቦት 2008 ኣንፈት ናይ ተጻዋዊርካ ምኻድ ዝብል ሒዝዎ ዘሎ መርሆ፣ ስጋዕ መወዳእታ ማለት ኣብ ማእዲ ዘተ ቀሪብካ በቲ ዘዉጻኢካዩ ሕጊ ተቀይድካ ጉዳይካ ምልዓል መፍቲሒ ጸገምካ ምንዳይ፣ካብዚ መስርሕ ከይወጻእካ ምስቲ ኣብ ዉሽጢ ኤርትራ ኣንጻር እዚ ስርዓት ጠጠዉ ዝበለ ኣዛሚድካ ኣብ ምዕማጻጽ ዝኣምና ኣካላት እንተለዋ’ዉን ወደቅቲ ምኻነን ተገንዚብካ፣ ነዚ ኣብነት ምኽታሉን ኣብኡ ርዒምካ ምስራሕ ድማ ከድልየና ምኗኑ ክንግንዘብ ይግባእ፣
እዚ ምስ ዝኸዉን ኣንፈትና ኣንፈት ደሞክራሲ ዝኸዉን፣ መቃላጠፊ ዓወትና’ዉን እዩ፣

ዓወት ንህዝብና
ዉድቀት ንስርዓት ህግደፍ